ንኮምሺን ፖሊስ ክልል ትግራይ ግልጋሎት ዝዉዕል ናይ ኤሌክትሪክ ኣቅሑት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ጥሪ 9, 2018 (ቅድሚ 10 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 25, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:30000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 25, 2018 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/

1 ኣብ ተወሳኪ እሴት ታክስ ተመዝገብቲ ዝኮንኩም ናይ ወርሒ ሕዳር 2018 ዓም ሒሳብ ዘፍለጥክምሉ መረዳእታ ክተቅረቡ እትክእሉ

2 ናይ 2018 ዓም ዝተሐደሰ ፍቃድ ንግድን : ናይ 2018 ዝተሐደሰ ወረቀት ምስክር መቅረባይነት ዘለኩምን ብቅዳሕ አታሓሒዝኩም ክተቅርቡ እትክሉ

3 መለለይ ቁፅሪ ከፍልቲ ግብሪ ዘለኩም አታሓሒዝኩም ክተቅርቡ እትክሉ

4 መከበሪ ጨረታ 300000 ቅርሺ ጥራሕ ካብ ዝፍለጥ ባንኪ ኣብ ኩነታት ዘይተመሰረተ ብስፒኦ ጥራሕ አስሪሑ ክትሕዝ ዝክእል

5 ተወዳደርቲ ንዝሰዓርዎ ንብረት ኣብ ዉሽጢ 15 መዓልቲ ብናይ ባዕሎም መጎዓዚ ናብ ኮሚሽን ፖሊስ ክልል ትግራይ ክፍሊ ከቅርቡ ዝክእሉ

6 ተወዳደርቲ ሰነድ ጨረታ 200 ቅርሺ ከፊሎም ብምዉሳድ ኣብ ዝመለእዎ ሰነድ ጨረታ ማህተምን ፊርማን ሙሉእ ኣድራሽ ምስ ቁፅሪ ስልኪ ክገልፁ ዝክእሉ ካብ ዕለት 9/5/2018 ዓም ክሳብ 25/5/2018 ዓም ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ዘሎ ግዘ ኣብ ቤት ፅሕፈት ኮሚሽን ፖሊስ ክልል ትግራይ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ብዝተዓሸገ ፖስታ ዋናን ቅዳሕን ብምፍላይ ምእታዉ ዝክእሉ ኮይኖም እዚ ጨረታ ዕለት 25/5/2018 ዓም ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ ዝክፈተሉ እዋን ኣብቲ ዕለት ንሱ ልክዕ ሰዓት 4:30 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይከዉን እነተዘይተረኪቦም እቲ ጨረታ ካብ ምክፋት ዝክልክል ከምዘየለ እንሕብር

7 ኣብ ዋጋ ናይ መቅረቢ ዝተመለ ዋጋ ዝተመለ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ን30 መዓልቲ ይከዉን

8 ብተወሳኪ እዉን ተወዳደርቲ ንሕድሕድ ንብረት እትመልእዎ ዋጋ ተወሳኪ እሴት ታክስ ሐዊሶም ዝወዳደሩ ከምዘለኩም ክትፈልጥዎ ይግባእ ተወስኪ እሴት ታክስ የወስክ ወይድማ የቀነስ ሓሳብ ወይድማ መብርሂ ተቀባልነት ዘይብሉ ምካኑ ንሕብር ኣብ ሕድሕድ ዝመልእዎ ዋጋ ስርዝ ድልዝ እንተሃልይዎ ካብ ዉድድር ዝወፅእ ምካኑ

9 እቲ ኮሚሽን ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብመሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

10 ብተወሳኪ እዉን 20 ሚእታዊ ናይ ምዉሳክ ወይ ምንካይ መሰሉ ሕልዉ እዩ

11 ተወዳደርቲ ሰነድ ጨረታ መምሊእ ዋጋ ካብ ኮሚሽን ፖሊስ ክልል ትግራይ ዝወሰድ ሰነድ ጨረታ ጥራሕ ክከዉን አለዎ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0344403100

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle